# ለባም ህዝቢ ዝፈጠራ፣ንለባም ህዝቢ እትመርሕ፣ለባም ውድብ!!

/ብፀጋይ ሓድሽ welwalo_waw@yahoo.com መቐለ /

ህ.ወ.ሓ.ት ከምቲ 69፣ ከምቲ 77፣ ከምቲ ግንቦት 83፣ ከምቲ 92፣ ከምቲ 97 ዓ.ምን ከምቲ ቅድሚኡን ድሕሪኡን ሎሚ እውን ታሪኽ ሰሪሓ፡፡ ኣዚ ሎሚ ዝተሰርሐ ታሪኽ ታሪኻት እናወለደ ኣብ ጉዕዞ ታሪኽ እዛ ሃገር እናተኾለዐ ዝነብር እዩ፡፡ እዚ ካብ ቅርቅርቲ ተጀሚሩ ዘሎ ታሪኻዊ ፍፃመ ክሳብ ፅፍሪ እግሪ ( ካብ ላዕለዋይ መሪሕነት ክሳብ ኣብ ጣብያን ቁሸትን ጎጥን ዝርከብ ህዝብና) ወሪዱን ዓሚቑን ዝፍፀም ምኳኑ ኣቦመናብር ኣርባዕቲኦን ኣሓት ውድባት ንኣስታት ኣርባዕተ ሰዓታት ንሚድያታት ኣብ ዝሃብዎ ዓሚዩቕን ዘይቃልዓለማውን መብርሂ ነጊሮሙና፡፡ እሞ ድማ መብርሂኦም ብተደጋጋሚ ይቕርታን ንህዝብን ሃገርን ዝለዓለ ኣኽብሮት ዝህብን ቃል ዝተሰነየ ምኳኑ ኣብ ታሪክ ምንቅስቓስ ፖለቲካ እዛ ሃገር ተደጋጋሚ ተራእዩ እዩ ዝበሃል ኣይኮነን፡፡ “ዝኾነ ይኹን ስልጣን ኮነ ክብሪ መራሒ ትሕቲ ክብሪ ህዝብን ሃገርን እዩ” ዝብል ኣገላልፃ ንነብሲ ወከፍ ዜጋ ንቕኑዕ ቓልሲ ኒሕን ሓቦን የስንቕ፡፡ ረዚን ህዝባውን ሃገራውን ውግንና የምህር፡፡ ኣቦ-መናብር ኣርባዕቲኦን ኣሓት ውድባት ዝሃብዎ ቃለ-መጠይቕ ንኽትቃለስ፣ንህዝብን ሃገርን ኣቐዲምካ ክትሰርሕ የለዓዕልን የንህርን፡፡ ምቁርን ሓቦ ዘስንቕን ቃል መራሕትና ናብ ግብሪ እንትሽረፍ ድማ ውፅኢቱ ” ተፅግበካያ ቕጫስ...” ከምዝኸውን ንምእማቱ ኣይከብድን፡፡

ዕላማ እዚ ፅሑፍ ኣሓት ውድባት ኢህወዴግ ኣብ ህሉው ኩነታት ሃገርና ኣመልኪተን ዘካየድኦ ናብ ሕሉፍ ታሪኽ ተወሳኺ ታሪኽ ዝውስኽን...ንመስተንክራዊ ቅየአን ዝኹልዕን ገምጋምን ውፅ ኢቱን ዘተኩር ኣይኮነን፡፡ ዕላማ ናይ’ዚ ፅሑፍ ህወሓት ክንድዝድላዩ ፀገምን ሕልኽላኽን የጋጥማ መናኒሃቶ ከምትሓልፍ ብቕዓትን ዓርሰ ምትእምማን፣ ተተካኢ ሓይልን ከምዘለዋ ዘትንብህ ሕሉፍ ፅሑፍ መሊስካ ንምዝኽኻር እዩ፡፡ እዚ ፅሑፍ ኣብ ፅንኩር ጊዜ ዓሚ ለካቲት 2009 ዓ.ም ኣብ ከተማ ባህርዳር ተፃሒፉ ኣብ ድሕረ ገፅ ዓይጋ ፎረም ተለጢፉ ዝተነበበ እዩ፡፡ ሽዕኡ ዝበልኩዎን ሕዚ ዝተርኣየን ለውጢ ምምዛኑ ኣድላዪ መሲሉ ስለዝተሰመዐኒ ወሱን መስተኻኸሊ ብምግባር ደጊመ እልጥፎ ኣለኹ፡፡ ሰናይ ንባብ፡፡

**********

መሰረት እንተይሓዙ

ክንደይ ኣለና ኢሎም፣

ግናኸ ተሸኺሎም፣

ሽዕኣ ተፈጢሮም፣

ሽዕኣ ቅሂሞም፣

ፍረኦም የለን

ጥራሕ ይዝከር ስሞም፣

ውድብና ህ.ወ.ሓ.ት. ኣብ ዝቕፅል ወርሒ ለካቲት 43 ዓመታ ክትደፍን እያ፡፡ ናብ'ዚ ክትበፅሕ ፅንኩርን ዕውትን ፈተናታት ሓሊፋ፡፡ ሕዚ እውን እቲ ፈተናን ዓወትን ጎና ጎኒ ተኺዶ ኣላ፡፡ ቅድሚኣን ምስኣን 'ጠበቓ ህዝቢ ኢና' ኢሎም ጨሪሖም ዝተፈጠሩ ውድባት ግና የለውን፡፡ ህ.ወ.ሓ.ት. 17 ዓመታት ልዕሊ ዓረር ዝጠንከረ ዕላማ ዓትዒታ ተቓሊሳ ናይ ኣፍሪካ ወታደራዊ ጎብለል ፋሽሽት ደርግ ምስ መሓዙታ ደሪጋ ፀራሪጋ፡፡ ንደርግ ዳኣ ካብ ሃገረ ኢትዮጵያ ፀራረገቶ እምበር፣ ንዘመናት እናተኣሳሰረን ከም ድርዕቶ እናተለገበን ዝመፀ ከም ደርግ ብቕልፅም ጥራሕ ክኾነሉን ነዛ ሃገር ዘይጥዕም "ናይ ሓደ ቋንቋ፣ ሓደ ሃይማኖት ኣስገዳድ ሓደነት" ዝሓስብ ኣጠማምታ ግና መሊኣ ኣጥፊኣቶ ዝበሃል ኣይኮነን፡፡ ትምክሕትን ፀብቢብነትን እውን ከምኡ፡፡

ዕውት ዳግማይ ወያነ ዝወለዑ ኣናብስ ስምዒት ዘይኮነስ ፍልጠትን ብሰለትን ተቐኒቶም እዮም ገስጊሶም፡፡ ትግራዋይ ምምሕዳራዊ በደል ክሳብ ዓንቀሩ በፂሑዎ፡፡ ፍትሒ ርትዒ ይዋሃበኒ እንተበለ መን ይስማዓዮ፡፡ ባዕለይን ደቀይን ክንመሃር ክንመሓር ኢሉ እውን ገዛእቲ እዝኒ ሓርማዝ ሂቦሙዎ፡፡ ዓይኒ መርፍኡ ዝጠፍኦ ነገር፡፡ ፃምእ ፍትሕን ርትዕን ልምዓትን ብሰላማዊ መንገዲ ምስላጥ ኣብዩ፡፡ ደቂ ጀጋኑ ደቁ ሓሪኖም፡፡ ኣእዝን ገዛእቲ ምስተለኮተ ናብ'ቲ ከም ኣማራፂ ዘይውሰድ ኣማራፂ ሰጊሮም፡፡ ቅድሚ ናብኡ ምብፅሖም ብሕቡእ መፅናዕቲ ኣካይዶም፡፡ መፅናዕቶም ብፅንዓት ክትግብርዎ ወሲኖም፡፡ ሕቶኦም መፍትሒኡ ሓንትን ሓደን ጥራሕ፡፡ ንሱ እውን ብረታዊ ተጋድሎ ምክያድ፡፡ ብረት ሂወት ከምዝበልዕ፣ስንክልና ኣካል ከምዘስዕብ፣ ጥሪትን ንብረትን ከምዘዕኑ ጠፊኡዎም ኣይኮነን፡፡ ግን ድማ ካሊእ ኣማራፂ የለን፡፡ ዝኸፈል ከፊልካ ሃለዋት ምርግጋፅ፣ወይ እውን "የሻል" ኢልካ ከም ብሄር ምብራስ ኮይኑ እቲ ምርጫ፡፡

እቲ ቀዳማይ ምርጫ ኣናህብ ደቂ ንህቢ ስለዝኾኑ ኣይተቐበሉዎን ጥራሕ እንተይኮነስ ኣይሓስብዎን እውን፡፡ ስለዚ ብተኹሲ ብረት ሓርነት ምርግጋፅ ተገዲዶም ኣትዮምዎ፡፡ ዝኣተዉዎ ብዓወት ክዛዝምዎ ግድን እዩ፡፡ ሓራ ከውፅእዎ ኣንቂዶም ዝወፈርሉ ህዝብን ከባቢን ቅድሚኡ መንን እንታይ ይመስል ምንባሩን ኣፅሚቖም ክፅንዕዎ ኣለዎም፡፡ ምኽንያቱ ነቲ ዘውጠኑዎ ቓልሲ ሩሾ ዝኾኖም ንሱ ስለዝኾነ፡፡ ንሕሉፍ እንተፅንዑ ነቲ ዉድቀት ኣሪሞም፣ ነቲ ጥንካረ ኣብሊሖም ክዕቅብዎን ናብ ተተካኢ ከሰግሩዎን ተኣማሚኖም፡፡

ኣናብስ ኣናብር ካልኣይ ወያነ ካብቲ ሕሉፍ ዝስነኞ ሰኒቖም ልዕሊ እምኒ ዓረ ዝጠንከረ ፅንዓት ተቐኒቶም መሪሾም፡፡ ካብ ተሞኩሮኦም እናተምሃሩን ኣብ ዘዕቖቡለን በዓትታት ዓዶም ኮይኖም ንዓለም እናንበቡን ፀበባ ዘይሕርብቶም መሃንዲሳት ለውጢ፣ ለባማት መለስቲ ስልጣነን ሓፈስቲ ደም ጥንታዎትን ዳሕረዎትን ወለዶም ንምዃን ነዊሕ ጊዜ ኣይወሰደሎምን፡፡

ኣናብስ ኣናብር ካልኣይ ወያነ ዘእምኑ ጭብጥታት ሒዞምን ሰኒዶምን ንመስዋእቲ ስንክልናን ድሉዋት ኮይኖም፡፡ ንባህሎምን ታሪኾምን ዝህብዎ ክብርን ናእዳን ይገርም፡፡ ንክብሮም ታሪኾምን ባህሎምን መንነቶምን ንዘሕሰርን፣ ፍትሕን ማዕርነትን ነፊጉ ብኣድልዎ ዝሰርሕን ይፀልኡ፡፡ ህዝቦም ቅድሚ ዓለማት ነይሩ ጭራ ኹለን ንዝሰርዖ መስፍናውን ድሒሩ ንዝተከአ ፋሽሽታውን ስርዓታት ዘለዎም ፅልኣት ኣብ ቂም ዘይኮነስ ኣብ ሳይንሳዊ ትንታነ ፖለቲካ ዝተደረኸ እዩ፡፡ በዚ እውን እዩ ብትረት ክምክትዎ ዝወሰኑ፡፡ ኣናህብ ደቂ ንህቢ ዝበልዎ ቀዲሞም መርኣያ ኾይኖም የተግብርዎ፡፡ ህዝባውያን ኢና እናበሉ ህዝቢ ኣይብድሉን ኣየበሳብሱን፣ ሲሶ ንቐዳሲ፣ ሲሶ ንወዳሲ፣ ሲሶ ንሓራሲ እናበሉ ፍረ ድኻሙ ኣይመንዝዕዎን፡፡ ኣናብስ ኣናብር ካልኣይ ወያነ ዝተጋገየ እንትገጥሞም ረጊሞም እንተይኮነስ ኣሪሞም መስመር ቅኑዕ ቓልሲ የንክስዎ፡፡ ኣናብስ ኣናብር ካልኣይ ወያነ ውድቀት ቃልሲ ቀዳማይ ወያነ ብኣግባቡ ተረዲኦምዎ ተንቲኖምዎ ካብ ጥንካርኡ ሰኒቖም ካብ ድኽመታቱ ተማሂሮሙሉ እዮም፡፡

ስለዚ እውን ስንቂ የብሎም ዕጥቂ…'ኩለንተናና ውፁዕ ህዝብና' ትብል እምነት ተቐኒቶም፣ኣዝዮም ዉሑዳት…ፃውራ ሕድሪ ብዙሓት ዉፁዓት ፀይሮም ካብ ዩኒቨርስቲ፣ ከተማታት ናብ በረኻታት ትግራይ መሪሾም፡፡ ኣብ'ታ ኣብ መንኮርኮር ታሪኽ በረኻ እትነብር ለካቲት 11/1967 ዓ.ም ፡፡

"…ኢትዮጵያ ትቕደም ዝብል ዕላማ ብምቅዋም ኣድማ ምግባር፣ ስራሕ ጠጠው ምባል፣ ብዘይፍቓድ ሰላማዊ ሰልፍን ኣኼባን ምክያድ፣ ብሓፈሻ ናይ ህዝቢ ሰላምን ፀጥታን ዝህውኽ ተግባር ምፍፃም ኣይፍቀድን፡…" ንዝብል ብራዕዲ ዝተመልአ ዓፋኒ ደርጋዊ ኣዋጅ ኪዕዎም፣ ቦኳር ጥይት ሓርነት ኣብ ደደቢት ብምትኳስ ዳግማይ ዕዉት ወያነ ኣበሲሮም፡፡

"…መሰል ርእሰ ውሳነ ብሄራትን ብሄረሰባትን ክሳብ ምግንፃል ምርግጋፅ፣ ብህዝቢ ዝተመረፀ ህዝባዊ መንግስቲ ምትካል፣ ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ዉፁዕ ህዝቢ ብዘይገደብ ክኽበር ምግባር፣ ፍትሓዊ መቐሎ መሬት ክካየድን ሓረስታይን ተጠቃማይ ፍርያቱ ክኸውን ምግባርን፣ ካብ ፅግዕተኝነት ናፃ ዝኾነ ሃገራዊ ኢኮኖሚ ምህናፅ፣…"

ዝብሉ ዕላማታት ክዕውቱ ኣብ ጣሻታትን በረኻታትን ዓዶም ዓሪዶም፡፡ ዝጨበጡዎ ርትዓዊ ዕላማ ንህዝብን ዓድን ይጠቅም ምዃኑ ንምምሃርን ምስራፅን ዝተፈላለዩ ኣወዳድባታት ኣጣይሾም፡፡ ካብ ዘጣየሹዎም ዉዳበታት ሓዲኡ

ስርዒታዊ ስርሒት /07/ እዩ፡፡ ስርሒታት ስርዒት /07/ ብስፍሓት ብምጥቃም ብሕቡእ ኣብ ከተማ ዝነብር ህዝቢ ናይ'ቲ ዝተጀመረ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዕላማ ንክርዳእን ነቲ ዕጥቂ ቃልሲ ክድግፍን ዓብዪ ምንቅስቓስ የካይዱ፡፡ ናይ'ቲ ህዝቢ ግንዛበን ደገፍን እናሰፍሐ ብዝኸደ መጠን እውን ምልመላ ኣባላት ብምክያድ ነቲ ሕቡእ ውዳበታት እናደገፈን እናጠንከረን ከይዱ፡፡

ስርዓት ፋሽዝም ኣብ ዝዓሰለሉ ኩነታት ስርዒታዊ ስራሕቲ /07/ ምክያድ ኣዝዩ ከቢድ እዩ፡፡ ኣናብስ ተጋደልቲ ተ.ሓ.ህ.ት. ግን ፅንዓት ዕላማ ሒዞም ብብልሒ ክኢሎምዎ፡፡ ብሓደ ገፅ ፋሽሽዝም ኣሎ፡፡ ራዕድን ተስፋ ምቑራፅን ብምፍጣር ኣቢልካ መርበብ ስለላ ብምዝርጋሕ ህዝቢ ንምብርካኽ ብፀላኢ ዝግበር ምንቅስቓስ ኣብ ቦቱኡ እዩ፡፡ ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት ኮይንካ ኣብ ከተማ ምቅላስ ብጣዕሚ ኣፀጋሚ እዩ፡፡ ካሊእ ድማ ሽዕኡ እተን ስርሒት ስርዒት ዝካየደለን ከተማታት ኣናእሽተይን እቲ ሰብ ሓደ ክልተ ኢልካ እትፈልጦ እዩ፡፡ ኣብ ሰፊሕ ከተማ ስርሒት ስርዒት ንምክያድ ዝሕሽ ኩነታት ይፈጥር፣ ኣብ ፀበብቲ ከተማታት ግና ኣፀጋሚ እዩ፡፡

ስለዚ እውን ኣብ'ዚታት ዘጋጥመካ ፀገም ንምሕላፍ እተካይዶ ተጋድሎን እትሰግሮም ፈተናታትን ኣዝዮም ከበድትን ኣሽገርትን እዮም፡፡ ነዞም ከበድቲ ፈተናታትን ሽግራትን ንምስጋር ምእንታን ክከኣል ድማ እቲ ስርዒት ካብ መጀመሪያ ጀሚሩ ሕቡእ ኮይኑ ክቕፅል ዝኽእል ሓይሊ እናፈለኻ ንስርዒታዊ ቃልሲ ዝምቹ ኩነታት ምፍጣር ዝብል ኣንፈት ተነፂሩ፡፡ እዚ ኮይኑ እውን እቲ ትንቀሳቐሰሉ ቦታ ፀቢብ ብምኺኑ ባህሪ መደብ ናብ ሓውሲ ግልፂ ክትከውን ይደፍኣካ፡፡ ደቂ ህዝቢ ነዝን ካልእን ተፃዊሮም ይቃለሱ፡፡ ይስንክሉ ይስውኡ ግንከ ወይከ ድምብርፅ!! ብኸምዚ ዝኣመሰለ ተጋድሎ ቃልሲ 17 ዓመታት ብዓወቶም ተጠቓሊሉ፡፡

## ድሕሪ 1983 ዓ.ም

ህ.ወ.ሓ.ት./ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ኣብነት ዝኾነ ወያናይ ዴሞክራሲ ስርዓት ብኣግባቡ ተግቢራን ኣብ ምትግባር እትርከብን ፅብፅባሕ ዓወት እሓፍሰን መስተንክራዊ ውድብ ኮይና፡፡ ህ.ወ.ሓ.ት./ኢ.ሀ.ወ.ዴ.ግ ምዕራባውያን ዋሕስና ዝብልዎ ሊበራል ዴሞክራሲ ዝመሰረቱ ስርዓቶም ቁጠባዊ ቅልውላው ረውረው ኣቢሉ እንተናውፆ፡ናህሩ ቁጠባዊ ጉዕዙኡ ዓቂቡ ምኺድ ናይ ዝኽኣለ ሃገርን ህዝብን እትመርሕ  መርኣያ ውድብ ንምኺን በቒዓ፡፡

ህ.ወ.ሓ.ት./ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ብኹነታት ለውጢ ኣየር ዝተዛብዐት ዓለም እትድሕነሉ ኣንፈት ዝሓበረትን ተቐባልነት ዝረኸቡ ዓለማውያን መራሕቲ ዘበርከተት ሰፈር ፍልጠትን ሊቃውንትን ዝኾነት ውድብ ምኺና ተሞኩሮኣ ዝቐሰሙ መራሕቲ ኣህጉርን ዓለምን መስኪሮም፡፡ ህ.ወ.ሓ.ት. ኣብ ፅላል ሓንቲ ሃገር እናነበሩ ዘይፋለጡ ህዝብታት ዘፋለጠት “ ብዙሕነትና ሚስጥር ፅባቐናን ሓይልናን፣” ዝብል ናብ ግብሪ ዘሸረፈት ደጋጊምካ “ይካኣላ ዘይሕለላ፣” ኢልካ ኣወዲስካ ዘይትፀግባ ለባም ህዝቢ ዘፈጠራ ለባም ውድብ እያ፡፡

ህ.ወ.ሓ.ት./ኢ.ሀ.ወ.ዴ.ግ እዛ ሃገር ተጠቒማትሉ ዘይትፈልጥ ሃፍቲ ማይ፣ንፋስን ፀሓይን ናብ ዝብላዕ እንጀራ ዝቐየረ ስራሕ ዕጥቃ ውድብ እያ፡፡ ህ.ወ.ሓ.ት. ሃገርና ከይትዓቢ ሓሊኹምዋ ዝፀንሑ ማእለያ ዘይብሎም ድሕረታት ናብ ኣደባባይ ወፅዮም ክውገዙ ክቕህሙን ተቃሊሳ ዝተዓወተትን ኣብ ምቅላስ እትርከብን ንባዕላ ኣነፂራ እትሪኤሉ ዝልካዕ ዝጭበጥ ዝድህሰስ ኮምፓስ ዝወነነት ውድብ እያ፡፡ / መቸስ ካብ'ዚ ብብኽባቢኡ ዝተኻየደን ብሚድያ ዝተቓለሐን መድረኽ ተሃድሶ ዝወሰድናዮን ዘስተውዓልናዮን ብዙሕ ክኽዉን እዩ'ሞ ምስ'ዚ ፅሑፍ እናረአእና ኣብ ሓንጎልና ነመላልሶ/

ህ.ወ.ሓ.ት./ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ንዘፀለሞዋ ከተፀልም ላሕ ዘይትብል፣ የግዳስ ብግልባጡ ጌግኦም ኣሪሞም ኣብ ጎደና ዕቤትን ልምዓትን ደቂ-ሰብ ተሰሊፎም ከም ሰብ ክሓስቡን ንህዝቢ ክጠቕሙን እትምዕድ ልቢ ኣዕብያ ብመስመር እትጎዓዝ መስተውዓላይ ህዝቢ ባሕራ መስተውዓሊትን ለባምን ውድብ እያ፡፡

ህ.ወ.ሓ.ት./ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ንዝተኮሱላ ካብ ምትኳስ ሰኺንካ ምምዝዛንን ኣስተምሃሮ ምሃብን እተቐድም፣ንዘድመያ ደመኛኣ ካብ ምድማይ ዝሞጀለ ሓንጎሉ ሓኪሙ ክድሕን ዘይተሓለለ ፃዕሪ ምክያድ ቀዳምነት ሰሪዓ እትጓዓዝ ውድብ እያ፡፡ ህ.ወ.ሓ.ት. ንድሕሪትን ንቕድሚትን እናተኾልዐ ዝነብር ኣብሪሁ ብዘይምውዳእ ሽምዓ እትግለፅ ብኣሻሓት ዓወታት ዝተፀምበለት መዓርገኛ ህዝቢ ዝፈጠራ መዓርገኛ ውድብ እያ፡፡

1983 ዓ.ም ኣብ ከተማታት ማይጨው፣መቐለ፣ዓዲግራት፣ ዓድዋ፣ ኣክሱም ኣብ ዝነበራ ብፃብዕቲ ዝቑፀራ ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ብኣዝዩ ዝተጋነነ ቁፅሪ ዘይግለፁ ተምሃሮ ነይሮም፡፡ ትግራይ ካብ'ታ ኣብ ኩሓ ዝነበረት ሓንቲ ንእሽተይ ፋብሪካ ሕሩጭ እዚ ዝበሃል መንግስታውን ዉልቀን ትካላት ትውንን ኣይነበረትን፡፡ ህይወት ትግራዎት ዝዋሓሳ፣ብፍላይ ድማ ነቶም ፍሉይ ክንክን ዘድልዮም እኖታትን ህፃናትን ዝዋሓሳ ትካላት ጥዕና ርሕቐተን ዳርጋ ሰማይ ነይሩ፡፡ ኣብ ለይቲ ንገዛዙን ናእሽቱን ማእኽለዎትን ትካላት ዘብርህን፣ ንማሽነሪታት ዘንቀሳቕስን ሓይሊ ኤሌክትሪክ ምርካብ ከም መሰረታዊ ጉዳይ ዘይኮነስ ከም ገይፂ ዝቑፀረሉ ወቕቲ'ዩ፡፡ ኣገልግሎት ቴሌቪዥን፣ሬድዮ፣ ስልኪ ምርካብ ኣሽምባይ'ዶ ንስኡንስ ንርኹብ እኳ ጋዶ!!፡፡

ቅድሚ 26 ዓመታትስ እምበርከ ከም ሰብ'ዶ ንነብር ነይርና ኢና? ምላሽ እንበዝሕ እንታይ ዝብል ከምዝኸውን ርዱእ እዩ ፡፡ ቅድሚ 26 ዓመታት ጥልቀት ድኽነትናስ ክትገልፆ እውን ዝኸብድ ነይሩ /እዚ እንትበሃል ሎሚ ድኽነት የለን ናብ ዝብል መደምደምታ ዘብፅሕ ኣይኮነን ግዳስ ብንፅፅራዊ ኣገላልፃ እዩ/፡፡ ካብ'ቲ ኣብ ንዋትን ኣብ ገንዘብን ዝነበረና ድኽነት ኣብ ኣተሓሳስባና ዓሲሉ ዝነበረ ድኽነት መለከዒ የብሉን፡፡ ወዮ ዳኣ ንድሕሪት ተጎሲስና እምበር ሓደ እዋንስ እምኒ ኣቕሊጥና ሓወልትታት እንሃንፅ፣ ብስራሕቲ ስነ-ህንፃ፣ንግዲ፣ ብወታደራዊ ሓይልን ብልሓትን ንእኒ ሮማ ቻናን ፔርሺያን እንዳረግን እንሓልፍን ምንባርናስ ታሪኽ ብመረዳእታ ዝሓዞን ዘይዝንጋዕን እዩ፡፡ Munro-Hay ዝተብሃለ ፀሓፊ ታሪኽን ተመራማሪን ዝፀሓፎ ሓፂር እማኝ እዩ፣-

*"…Aksum was the only African State in ancient times, outside the Roman Dependencies, to issue its own national coinage. The Aksumite coinage lasted from about 270 AD, or a little later to the early seventh century, and seems to have been used in both external trade and international market transactions… No other African State south of the Sahara issued coins until the sultanate of Kilwa began coinage production possibly in the mid-tenth century (Stuart Munro-Hay; Aksum An African Civilization of Late Antiquity 1991)…"*

ክንድ'ዚ ዝኣክል ዳኣ ንምንታይ ንድሕሪት ኣንቆልቍልና ፀዲፍና? ዝሰርሕን ዘስርሕን ስርዓት ጠፊኡ፡፡ ነዚ ተበሊፆም ከምዘይነንሳእርር ኮይንና ክንወድቕ ክንርመስ ብዘይፍላጥ ዝግንሑ ሓይልታት ውሽጢ፣ ብፍላጥ ዘላቒ ረብሕኦም ንምኽባር ኣብ ሶፍትዌር ሓንጎልና ድሕረታት ዝፀዓኑ ሰብ ረብሓ ናይ ደገ ሓይልታት ትማሊ ኾነ ሎሚ ምህላዎም ግሁድ'ዩ፡፡ መግለፅታት ሰብ ረብሓ ሓይልታት ደገ ብዙሕ እንድዩ፣ ሓዲኡ መግለፂኡ ናይ ባዕልና እንብሎ እምነትን ሃይማኖትን ከምዘይብልና ናታቶም ካህናትን ጳጳሳትን እናሾሙ ቅዱስ መፅሓፍና ካብ ዝእዝዞ ወፃኢ ካብ ባሕቲ ናብ ባሕቲ ብበዓላትን ዝኽርታትን ተጎሊትና እናወዓልና ድኽነት ንዓና ካብ ፈጣሪ ከም ዝተውሃበ ፀጋ ገይርና ክንሓስብን ከም እምነት ክንቅበሎን ገይሮሙና፡፡ 1967 ዓ.ም ፈሊሙ ብ1983 ዓ.ም ተዓዊቱ ብዕሊ መስርሕ ናይዛ ሃገር ዝኾነ ስርዓት ህ.ወ.ሓ.ት/ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ እዩ እምበኣር ኣብ'ዚ መዳይ ዘምፅኦ ሱር ቆስ /breakthrough/ ለውጢ ክሳብ ሕዚ ክግለፅ ብዝግበኦ ዕሙቀት ዘይተገለፀ፡፡ እዚ ስርዓት እዚ ኣብ መዳይ ኣተሓሳስባ ዝምፅኦን ኣብ ባይታ ዝተረጋገፀን ለውጢ ቃላት ክገልፁዎ ዓቕሚ ንኢሱዎም፣ ወይ እውን ፀሓፎ ናይ ምግላፅ ዓቕሞና ደኺሙ፡፡ ስለዚ እምበኣር ህ.ወ.ሓ.ት./ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ብቓላት ክትገልፆ ካብ ዝኸብድ ከቢድ ህዝቢ ዝተፈጠረት ረዛን ውድብ እያ፡፡

ቅድሚ 1983 ዓ.ም እዩ ብሰንኪ ምሒር ድኽነት ሰብኣይን ሰበይትን ቤተክርስያን ዝሳለምሉ ድርብ ነፀላ ስኢኖም፣ ነታ ዝርካቦም ሓንቲ ነፀላ እቲ ሰብኣይ ክሳለም እንተኸይዱ እታ ሰበይቲ ኣብ ገዛኣ ተኾርምያ ትፅነሐሉ፣ እታ ሰበይቲ ቀዲማ እንተኸይዳ ድማ እቲ ሰብኣይ ገዝኡ ንድሕሪት ዓፅዩ ዝፅበየሉ ሕሱም ወቕቲ ኢና ኣሕሊፍና፡፡ እቲ ዝግርም ድማ ኣብ ምድረ ገነት እናተቐመጥና እኮ እዩ፡፡ እቶም ብ1977 ዓ.ም ኣብ ኮረም መፅለሊ ጣብያ ጋንዶ ብሰንኪ ሕማምን ጥሜትን ዝረገፉ ኣማኢት ሽሕ ንፁሃን ፣ ፀገሞም ከይኣኽሎም ወፅዓን በደልን ልዕሊ ዓቕሞም ኮይኑ ዝፈትዉዋ ዓዶም ሓዲጎም ናብ ሱዳን ንሰደት ዘምርሑ ትግራዎትስ ኣይ ናይ'ቲ ሽዕኡ ሃገር ዝመርሕ ዝነበረ 'ነበሰ-በላ' ስርዓት ግዳያት እንድዮም ግዲ፡፡

ለካቲት 11/ 1967 ዓ.ም ውድብ ህ.ወ.ሓ.ት ጀሚራቶ ግንቦት 20/1983 ዓ.ም ብጥሙር ቅልፅም ህዝብታት ንሕሱማት ፀላእቲ ዝሰዓረ ስርዓት ዘይተቃፅልን ምቅርትን ፀሓይ ወሊዑ ፡፡ ከም ብሄር ካብ ቀልቀል ሞት ወፂእና

ኣብ ጎደና ህላወ ደው ኢልና፡፡ ብመሬትና፣ ብሃፍቲ ተፈጥሮና፣ ብመስሕብ ቱሪዝምና ብኻልኦት ፀጋታትናን ድሩኡ እውን ስኡናት ኣይነበርናን፡፡ እንታይ ዳኣ እዩ ከም ደቂ ዛግራ ፍቖዶ ብዘይሕጋዊ ስደት ፋሕ ጭንግራሕ ዘብለና ዝነበረ? ምላሹ ፍሉጥን ፍሉጥን እዩ፡፡ ንህዝቢ ንሃገርን ንተፈጥሮ ፀጋኣን ብኣግባቡ ዝመርሕን ዘመሓድርን፣ ልዕለ ትሕትነት ኣወጊዱ ዕርያ ስርዓት ዝተክል፣ ስማዊ ዘይኮነስ ሓቃዊ ጎደና ዴሞክራስን ልምዓትን ወግሐ ፀብሐ ዝኹስኩስ ብልሓትን መሪሕነትን ስለዘይነበረ እዩ፡፡ ነዚ እያ እምበኣር እያ ለዊጣ ካብ ሊቅ ህዝቢ ዝተፈጠረት ሊቅ ውድብ ህ.ወ.ሓ.ት./ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ፡፡

ድሕሪ 1983 ዓ.ም ልዕሊ ሓደ ሚሊዮን ትግራዎት ተምሃሮ ኣብ መኣዲ ምሁር ከቲቶም እንትርኢ፣ መቐለ፣ ዓዲግራት፣ኣክሱም፣ራያ ዝበሃላ ዩኒቨርስታት፣ ኣብ ከተማታት ማይጨው፣ መቐለ፣ ዉቕሮ፣ዓዲግራት፣ ዓድዋ፣ ኣክሱም፣ሽረ-እንዳስላሰ፣ ብመንግስትን ብውልቀን ዝመሓደራ ዝተፈላለያ ኮሌጃት ተተኺለን ብዓስርተታት ኣሽሓት ዝግመቱ መሃዝቲ ምሁራን መናእሰይ ፈርዮም እንትርኢ ሓደ ሓደ ጊዜ ሕልሚ ይመስል፣ ሕልሚ ዘይምኳኑ እንትትጋሃድ ድማ ታሕጓስ ደረት ይሰኣነሉ፡፡ እዚ ስቕ ኢልካ ዘይኮነስ በታ ካብ ተቓሊሱ ዘይሕለሎ ህዝቢ ዝተፈጠረት ዘይሕለላ ውድብ ህ.ወ.ሓ.ት./ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ዝተረጋገፀ እዩ፡፡

ልዕሊ 24 ወረዳታት ትግራይ ወርቅን ዝተፈላለዩ ክባር ማዕድናትን ይውንና፣ ስቡሕ መሬት፣ ዶግዓ፣ ሓውሲ ዶግዓን ቆላን ከባቢ ኣየር ትግራይ ንሕርሻ ኣዝዩ ዝሰማማዕ፣ ንህቢ ኣፍርየሉ ደርሆ፣ሓሰማ እንተበልካ ግመል፣ ዋላ እውን ናይ ዓዲ ውሽጢ ይኹና ናይ ደገ ኣላሕም፣ ኣብዑር፣ ኣጣል፣ ኣባጊዕ፣ ኣፍራስ፣ ኣእዱግ ካልኦት እንስሳት ንምፍራይ ብጣዕሚ ተመራፂ ምዃኑ ምሁራን ብመፅናዕቲ ኣደጊፎም እንትነግሩ ህዝበይ ብታሕጓስ ክትርጋእ ይብል፡፡

ወያ ሓንቲ ከምሓሙስ ኣብ ትግራይ ዝነበረት ፋብሪካ ሕሩጭ ኩሓ ብትእምትን ካልኦት ሰብ ዉልቀ ሃፍትን ብዝውነና ብርክት ዝበላ ኣፍረይቲ ትካላት ተተኪኣ ፣ እሞ ድማ ጠለብ ዉሽጢ ዓዲ ካብ ምዕጋብ ሓሊፈን ኣብ ኣህጉርረ ኣፍሪካን ዓለምን እውን ክወዳደራ ዝኽእላ ምዃነን እንትግንዘብ ብልበ ምልኣት ህ.ወ.ሓ.ት.ስ እንኳዕ ናትና ኾነት ኢልካ ትጭርሕ ፡፡

ኣብ'ታ ኮሎኔል መንግስቱ "... ንመዐደጊ ቐክ ዝኸውን እቶት እኳ ዘይርከበላ..." ኢሉ ዘባጨወላ ትግራይ፣ መድሓኒት ሰብን እንስሳን ፈርዩ እንትቐርብ፣ ዓበይትን ናእሽቱን መኪናታት ተገጣጢመን፣ ኣብ ጎደናታት ትግራይን ኢትዮጵያ እንትሕንበባ ርኢኻ ታሕጓስ ልዕሊ ዓቐን ይኾን፡፡

ተካእቲ ዘፍርያ ኣዴታት ዝሕከማሉ መስርሕ ሕክምና ሰፊሑ፣ ተረከብቲ ፅባሕ ዝኾኑ ህፃናት ዕብየቶም ካብ ዘተኣጓትል ሕማም ክመሓሩ ዘኽእል ዝተማልአ ክታበትን ሕክምናን ብቐረበኦም ዝረኽብሉ ባይታ ተመቻቺዩ እንትትርኢ፣ ምስ'ቲ ሰኣን እኹል መግብን ሕክምናን ብሕንጣዮም ዝሞቱ ብርክት ዝበሉ ትግራዎት ሓናጡ

ዝመትሉ ዝነበረ ጊዜ ብምንፅፃር (እዚ ጉዳይ’ዚ ሎሚ እውን ሚእቲ ሚእታዊ ተገቲኡ ኣብ ዝብል ጫፍ የለኹን) “ኣንታ እዚ ለውጢ እዝስ...እናሰሰነ ዳኣ ይቕፅል” ዝብል ሰናይ ትምኒት ይወርሰካ፡፡

ልዕሊ ኹሉ ዘሐጉስ ግን ልዕሊ 56.1 ሚእታዊ ትሕቲ መስመር ድኽነት ዓሊሉላ ህዝባ ምቕላብ ተሳኢኑዋ ፍቖዶ ስደት እትዘርእ ዝነበረት ትግራይ፣ ብብስለት ኣመራርሓን ፃዕሪ ህዝባን ዝነበረ ድኽነት ተስፋ ብዘስንቕ ሚእታዊ ክትንክዮ ተሊማ ትንቀሳቀስ ምህላዋ እዩ፡፡ ነዚ መርኣያታት ዝኾኑ ኣብ ከተማታት ኣብ ስራሕቲ ንግድን ኢንቨስትመንትን ብምስታፍ፣ ኣብ ገፀራት ትግራይ ብስራሕቲ ሕርሻ ቁፀሮም ዘይንዓቕ ሚሊኒየራት ይፍጠሩ ኣለው፡፡ ብሓፈሻ ሳእኒ ምውዳይ ዝሓርሞም ዝነበረ ደቂ ሓረስቶት ጫማ ምውዳይ፣ፅቡቕ ክዳን ምኽዳን፣ ፅቡቕ መግቢ ምብላዕን ምስታይን ዝጀመርሉ ሓቃዊ መንገዲ ህዳሰ ኣብ ዝተትሓዘሉ ወቕቲ ፈጢራላ ህ.ወ.ሓ.ት./ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ፡፡

ርግፅ ዝበፃሕናዮ ምስ ዝሓለፍናዮ እንትነነፃር ኣዝዩ ኣዝዩ ዘሐጉስ እዩ፡፡ ግንከ ምስ’ቲ ዝፀንሐ ዓሚዩቕ ኩለመዳያዊ ድኽነት ኣነፃፂርና ክንበፅሖ ዝግበኣና ገና ገና ምዃኑ ርዱእ እዩ፡፡ ናብ’ቲ ዝተለምናዮ ንክንበፅሕ ግን እቲ ዝወነንናዮ ኩለመዳያዊ ናይ ለውጢ ፀጋ ናይ ምስትምቓርን ናይ ምዕቃብን፣ ከይጉሓል ናይ ምሕላውን ዓቕምና ክብርኽ ኣለዎ፡፡ ምኽንያቱ እቲ ሎሚ ወኒንናዮ ዘለና ምዕሩይ ጎደና እዩ ናብ’ቲ ፅባሕ እንበፅሖ ተብሃጋይ ለውጢ ዘናጥረና፡፡ ስለዚ ኣብ ደገን ኣብ ውሽጥን ዘለና ብነብሲ ወከፍ ነቲ እንብህጎ ክንበፅሖ ዘኽእለና ወፈያ ክነወፊ ግድን ይኸውን፡፡ ብኣውሩኡ ግን እዚ ሕዚ ዝኒህ ስርዓት ተኺሉዎ ዘሎ ወርቃዊ ዕድል ካብ ኢድና ከየምልጥ ኣብ ምሕላው “ንስኻ’ባ...ንስኺ’ባ” ክህሉ የብሉን፡፡ ኣብ’ዚ ሓበራዊ ዋኒን ብሓደ ልቢ ከም ሓደ ሰብ ሓሲብና ተግባራዊ ምላሽ ክንህብ ብሄራውን ታሪኻውን ግቡእና እዩ፡፡

ኣብ ሓንቲ ከተማ ትግራይ ዝርከቡ ወላዱ ንሓደ ማዕኸን ዜና ትግራይ ዝበልዎ ኣብ’ዚ ብኣብነት ምግላፁ ኣገዳሲ እዩ፡፡ ዕድመ ፀገብ ወላዲ እዮም፡፡ ብዛዕባ ኣብ ደደቢት ተወሊዑ ዝተዓወተ ቃልሲ እኹል ግንዛበ ኣለዎም ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብቲ ቃልሲ እውን ኢዶም ሓዊሶም እዮም፡፡ ምስ ጋዜጠኛ እናወዋግዑ፣

“ ስማዕ እዚ ወደይ....ሃፍታም እናሃለወስ ድኻ ዝበሃል’ዶ ትፈልጥ?” ክብሉ ሓተቱዎ፣

ጋዜጠኛ ሕቶኦም ደንፅዩዎ፡፡ ዓይንን ሓመድን ምስናዮም ገሪሙኒዎ፡፡ ምኽንያቱ ሃብትን ድኽነትን ሓውን ሓሰርን ዳኣ እምበር፣ ማይን ፀባን ምዃኖም ዘይተገንዘበ ይመስል ብተመስጦ ይሰምዖም፡፡

“ሰብ’ዶ ሃፍቲ እናሃለዎ ይደኪ እዩ? ኣባህላኹም ኣይተረደኣንን?” ኢሉ መለሰሎም ካብቶም ዕድመ ዝመሃሮም ለባም ወላዲ መዓር ዘለዎ ቁምነገር ከምዝዘንብ እናተስፈወ፡፡

“ እወ ሰብ ሃፍቲ እናሃለዎ ይደኪ፡፡ ሰብ ገንዘብ እናሃለዎ ብገንዘቡ ዝደለዮ ክገብር ዘይኽእል እንተኾይኑ ሃፍታም ዘይኮነስ ድኻ እዩ፡፡ እሞ ኣብ ጊዜ ደርጊ እማ ዝሃፍተምካ እንተሃፍተምካ እውን ድኻ ኢኻ፣ ብስሩ እውን መጠን

እትውንኖ ሃብቲ እውን እኮ ይትመነልካ እዩ ፡፡ 'ብውልቀ ሰብ ደረጃ ልዕሊ እዚ ገንዘብ ምሓዝ ኣይፍቀድን' ተባሂሉኮ ተኣዊጁ፡፡ ዋላ ሃብታም ኮይንካ ብተን ክትሕዘን ዝተፈቐደልካ ገንዘብ እውን እማ ቅርሽኻ ሆጭ ኣቢልካ ብነፋሪት ምኻድ ዝከኣል ኣይነበረን፡፡ ነፈርቲ ዉግእ እምበር፣ ህዝብን ንግድን ዘመላልሳ ነፈርቲ ዝዓርፋሉ ዘይነበረ፡፡ ስለዚ ኸዑኡስ ሃፍታም ኮይንካ እውን ድላይካ ክትሰርሕ ዘይትኽእል ድኻ ኢኻ ማለት እዩ፡፡ ናይ ሃፍታም ድኻ ትርጉሙ እዚ እዩ፡፡" ኢሎም መሊሶሙሉ፡፡ ጋዜጠኛ ብተመስጦ ክሰምዖም ፀኒሑ፡፡

"ሎሚኸ?" በሎም፣

ፍሽኽሽኽ እናበሉ " ሎሚ ዳኣ ኣንታ ወደይ መንእሰይ ኮይንካ'ያ እንተትፍጠር እንድዩ ዘብል፡፡ ገንዘብ እንተሃልዩካ ካብ ሑመራ፣እንዳስላሰ-ሽረ፣ ኣክሱም መቐለስ ብነፋሪት ኣብ ደቓይቕ ኣዲስ ኣበባኻ ድርግም እዩ እምበር፣" ብምባል ኣስሓቑዎ፡፡

ዕድመ ዝሃቦም ወለዲ ኣብ ትግራይ ብሓፈሻ ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ዘሎ ለውጢ ብኽምዝን ልዕሊ እዝን የስተማቕርዎ፡፡ ምኽንያቱ ዘዝወለዱዎም ደቆም ብሕብርታት ፃዕዳን ቀይሕን ራዕዲ ብዓረር ጨካናት ኣብ ቅድሚኦም ተደፊኦም ኣብ ኣደባባያት እንትስጥሑ፣ እዚ ከይኣክል 'ደቅኹም ናይ ዝተቐንፀልሉ ዓረር ዋጋ ክፈሉ' እናተብሃሉ ዝሓለፉዎ ፀልማት ጊዜ ፈፂሞም ስለዘይርስዕዎ፡፡ ነቲ ሕዚ ዝኒህ ሃዋሁ ንምምፃእ ዝተኸፈለ ዙርያ መለሽ መስዋእቲ ብገንዘብን ንዋትን ዘይትመን እሞ ድማ ዘየጣዕስን ኣዝዩ ኣዝዩ ክባርን ምኺኑ ኩሉ ለባም ይርደኦ እዩ፡፡ ነዚ ክልወጥ ብሱል ኣመራርሓ ዝሃበት ድማ እታ 42 ዓመታ ዘቑፀረት ውድብ ህ.ወ.ሓ.ት. እያ፡፡

## <u>እሞኸ?</u>

ልዕሊ 60 ሽሕ ስውኣት፣ 100 ሽሕ ጉድኣት ኣካል፣ ብሚሊዮናት ብር ዝግመት ዕንወትን ጥሪትን ንዋትን ዝኸፈልናሉ ዓወት ክቕፅል እምበኣር ተካእቲ ግቡእና ንምብርካት ከመይ ተዳሊና ኣለና?

- ልዕሊ ነብስና ንህዝብና ኣቐዲምና ክሳብ መስዋእቲ ህይወት ንምኽፋል፣
- ፈተናታት እንትገጥሙና ውልቃውነት ራሕሪሕና ብውዳበን ብፅንዓትን ክንሰግሮም፣
- ነቲ ባይታን ባሕርን ኩሎም ዓወታት ዝኾነ ህዝብና ኣብ'ታ ብካርዱ ዝሃበና መንበር ኮፍ እንተብለና ተኣማንነት፣ቅንዕና፣ሓቅነትን ህዝባውነትን ዓጢቕና ልዕልና ሕጊ ብትረት ደው ብምባል ዳልዋ ዘይብሉ ኣገልግሎት ክንህብ፣

ብኣጠቓላሊ 'ፈተናታት ኩሎም ትሕቲ ሞት እዮም፣ንሕና ግን ሞት እውን ኣየንበርክኸናን' ዝብል ዘመን ተሻጋሪ ስንቂ ጀጋኑና ብውነ'ዶ ሒዝናዮ ኣለና?፡፡

እዚ ዓቲርናዮ ዘለና መንገዲ ሓምለዋይ ለውጥን ህዳሰን ከይኹለፍን ፖለቲካዊ ኪሳራ ገጢሙና ከምቲ ሕሉፍ ናብ ዘመነ ድቕድቕ ፀልማት ከይንምለስ፣ ኣብ ኢድና ዘሎ ማናን ኣብ ዙሪያና ዘሎ ኩነታትን ብዕሙቀት'ዶ ንርደኦን ነስተብህሎን'ዶ ኣለና? እቲ ከም ህዝቢ ካብ ብርሰት ናብ ህላወ ዘሰጋገረና ንፁር መስመር ህ.ወ.ሓ.ት./ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ኣብ መትንታት ደምና'ዶ ይመላለስ ኣሎ?፡፡

ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይን ውድቡን ተንኮል ክፍኣትን ጥፍኣትን ካብ ምእናብ ንፃት እኳ ኣዕሪፎም ኣይፈልጡን፡፡ ንምንታይ ክንድ'ዚ ዝኣክል ዘይበሊ ተንኮል ክፍኣትን ጥፍኣትን ኣብ ልዕሌናን ውድብናን ይፍሕሱ ብቐንዱ ባዕላቶም እኳ ዝፈልጥዎ እንተኾኑ፣ በቲ በለ በቲ ቀንዲ መንቀሊኦም ግን "ንሕና ዘይሰራሕናዮ ፀብሕን...ዘይባረኽናዮ መኣድን" ዝብል ስንኩል ምኽንያት እዩ ፡፡ እቲ ምንታይ ንብዙሓት ኣህዛብ እዛ ሃገር ብዘግለለ ሓደ እምነትን ሓደ ቋንቋን ፖሊሲኦም ነዛ ዓባይ ሃገር ድሕሪ ኩሉ ሰሪዑዎምዋ ነይሮም፣ ተኣምረኛታት ተቓለስቲ ዝወለደ ተኣምረኛ ህዝቢ ትግራይ ወርቃዊት ዘይትትካእ ሂወቱ ንርትዓዊ ቃልሲ ኣህጉሩ፣ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን እዛ ሃገር ብዙሓትን ሓደን ኮይኖም ሓብሒቦም ብዘገወዱዎ ቃልሲ (ድሕሪ ውድቀት ስልጣነ ኣክሱም ተራእዩ ብዘይበሃል መልክዑ) ሪኣቶ ዘይትፈልጥ ሓምለዋይ ምዕባለ ስለዘግዘሙዋ፣ "እዚ ንብዙሓት ዘስደመመ ሓምለዋይ ለውጢ ብኣና እንተዘይተመዝጊቡ ኣይናትናን...ዋናታቱ እውን ንሕና ስለዘይባረኽናዮም ኣይናትናን" ብዝዓይነቱ ዕሙት ፅልኢት "ብድሕረይ ዳንዴር ኣይትቡቀላ..." ኣብ ፀለመና ውዒሎም ክሓድሩ ፀሓይ ትዓርቦም ኣላ፡፡ እዞም ሓንጎሎም ብኽፍኣት ሞጂሉ ሰሰናዩ ክሓስቡ ዘይኽእሉ ፀበብትን ትምክሕተኛታት ንዓናን ውድብናን ዘቆናፅብ ሓበሬታ ዝህቦም፣ ንዓና ምስኦም ኮይኑ ዘናሽወናን ዝፀርፈናን ቀራን ሸይጣን ዋላ እንተዝኾን ንዕኦም ታወት ቀሪዖም ዝሰግድሉን ዘወድስዎን ቅዱስ መልኣኾም እዩ፡፡

ህ.ወ.ሓ.ት./ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ደጊም ናትና እያ፡፡ እቲ ፖለቲካዊ መሪሕነት እውን ናትና፡፡ እቲ ክንሕሰበሉን ድቃስ ክንስእነሉን ዝግባእ ግን እቲ ዕውት ቃልሲ ብቕብብል ወለዶታት ንምቕፃሉ ክንከፍሎ ዘለና ኩለመዳያዊ ወፈያ ክብደቱ፣ ዕምቆቱን ርቀቱን ተሰዊጡና ድዩ?፡፡ ብኣጠቓላሊ ኩሎም ካብ ውሽጥን ደገን ዝገጥሙና ሽጣራታት ውዲታትን መናኒህና ንምድርባይ ዘኽእል ብቑዕ ፖለቲካዊ ስብእና ወኒንና ዲና?፡፡ ከም መጠን ተካእቲ ፖለቲካዊ መራሕቲ እዚኦምን ካልኦትን ዘዋፅኡናን ኣካል እዚ ወርቃዊ ቃልሲ ክንከውን ዘኽእሉናን ሕቶታት ንምምላስ ቐጃሓት ዲና? እዚኦምን ካልኦትን ሕቶታት ብኣግባቡ ዝምለሱ ብኣና እዮም፡፡

ኣብ መጠቓለሊ ውድብ ህ.ወ.ሓ.ት./ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ኣሽንባይ'ዶ ብብልሒ ኣመራርሓኣ ኣሚኑ ዝተረብሐን ዝኾርዐን፣ እቲ ለይትን ቀትርን ንውድቀታ ሕሰብን ሕልምን ዝሓድር እኳ እንተይቀረየ ናቱ ክትከዉን ዝምነያ መምስ መድረኹ እናበልሐት እትትዓዝ ኣብ መሰረታዊ መትከላታ ዋጋ ዕዳጋ ዘይትገብር ካብ ሃገር ሓሊፋ ንኣህጉርና መርኣያ እትኸዉን ውድብ እያ፡፡ እዚ ብኣግባቡ ክትሓዝን ክውረስን ይግባእ፡፡ እዚ ሰሪፁናን

ተሰዊጡናን "ኣዛ ለባም ህዝቢ ፈጢሩዋ፣ንለባም ህዝቢ እትመርሕ ለባም ውድብ ህ.ወ. ሓ.ት./ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግስ ብሓቂ እንኳዕ ናትና ኾነት " እንተበልና ግቡእ እዩ፡፡ እዚ ዓትዒትና

ትግራዎታይ

ኣይትረባረብን እንዶ

ኣንታ ተዓዋታይ፣

ኢትዮጵያዎታይ

ኣይትረባረብን እንዶ

ኣንታ ተዓዋታይ

ኣይትረባረብን እንዶ፣

እናበልና፣ ውድብና፣ ከይትኣርገና ኣናኾስኮስና መምስ መድረኹ እናኺሓልና እናሰኣልና ተተካእቲ መራሕቲ እናሳሓልና ጉዕዞና ብዓወታት ፀምቢልና ንቕድሚት፡፡

/////